# እንታይ ይበሃል ኣሎ!

ብዛዕባ ኣብ መንጎ ስንኩላን ኩናትን: ፕረዚደንት ግዚያዊ መንግስቲ ኤርትራ: ኢሰያስ ኣፍወርቅን ዘሎ ምትፍናን ይቕጽል ኣሎ።

ኣብ 2004: ኣብ ከባቢ ፐራዲዞ(ኣስመራ) ንኣስታት 500 ስንኩላን: ኣፓርታማ ክስራሕ ወግዓዊ መግለጺ ብኣስካሉ መንቀርዮስ ተዋሂቡ: ኢሰያስ ዝርከቦም ድማ እምነ መሰረት ኣቐሚጦሙሉ ኔሮም።

ሕጂ: ገሊኡ ገዛውቲ ኣብ ምውድኡ ምስቀረበ: እዞም ስንኩላን ን6 ዓመት መመላእታ: ሃንቀው ክብሉ ድሕሪ ምጽናሕ: ኢሰያስ: ሃንደበት ናታትኩም ኣይኮነን ምስ በሎም: ኣይ ባዕልኻ ዶ ኣይኮንካን: ናትና ምኻኑ ተኣሚንካ: እምነ መሰረት ዘንበርካሉ ምስ በሉዎ: ከም ኣመሉ: ኣሉ ቀጣን ኢሉዎም ኣሎ። ቅድሚ ሕጂ`ውን ብተማሳሳሊ: ደበስ ንስድራቤት ስውኣት 10ሺሕ ዶላር ክህበኩም`የ ኢሉ: 10ሺሕ ብር ከምዝሃቦምን: ንጉሆ ንጉሆ በጊዕ ኣይንሓርደሎምን ኢና ከምዝበለ ዝዝከርዩ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና!!!

ክፍሊ ዜና ሰልፊ ዴሞክራሲ ኤርትራ